**ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር**

**الجبهة الوطنية الاريترية**

# Eritrean National Front

<u>ዮሃና ንህዝብን ሰራዊትን መንግስትን ትግራይ</u>

ጅግና ህዝቢ ትግራይን ሰራዊቱን መንግስቱን ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ቃልሱ፡ ነቶም ንከጽንትዎ ዓጢቆም ኩሉ ዝከኣሎም ኣዋፊሮም ከንበርክኽዎ ዝፈተኑ ጸላእቱ ስዒሩ ንዝበዝሐ ክፋል ትግራይን ንዋና ከተማ መቐለ ተቆጻጺርወን ይርከብ። እዚ መዳርግቲ ኣልቦ ዓወት፡ ናይ ኩልና ፈተውቲ ህዝቢ ትግራይን ደለይቲ ፍትሕን ስለዝኾነ ዝስማዓና ሓጎስ ወሰን የብሉን። ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር ንህዝብን ሰራዊትን ትግራይ ዮሃና፡ እንቋዕ ናብዚ ኣብቃዓካ እንዳበለ፡ ሕጂውን ከም ወትሩ ኣብ ጎኒ ህዝቢን ሰራዊትን ትግራይ ደው ከምዝበለ ይገልጽ።

ኣብዘን ዝሓለፋ ሸሞንተ ናይ ጽንዓትን መኸተን ኣዋርሕ፡ ህዝቢ ትግራይ ንኩሉ ተጻብኦታት ሰጊሩ ዝረኸቦ ዓወት ልቢ ፈተውቲ ዘረስረሰ፡ ንጸላእቲ ከኣ ርእሶም ከምዘድንኑ ካብ ምግባር ሓሊፉ ንዓለም’ውን ዓቢ መልእኽቲ ዘመሓላለፈ እዋን እዩ። ኩምራ ናይ ሓጻውን፡ ሸሾ ሰራዊት ፡ ዘመናዊ ኣጽዋር ምእቲ መሰሉን ህላወኡን ዝቃለስ ህዝቢ ክስዕር ከምዘይክእል ብግልጺ ተራእዩ እዩ። ጸላእቲ ህዝቢ ትግራይ ነቲ ዝነበሮም ጥሙሕ ተግባራዊ ንምግባር ኩሉ ዝከኣሎም ዘበለ ጌሮም እዮም። ዘሎ ኩሉ ንብረቶም ኣዋፊሮም ፡ ንምቑጻሩ ዘሸግር ሰራዊቶም ኣዝሚቶም ከይኣክል ብዝሒ ዘለዎ ክፍለ ሰራዊትታት ኤርትራ ዝተሳተፎ ኩናት ኣካይዶም ከምቲ ዝደለይዎ ክሰልጦም ስለዘይካኣለ ካብ ሃገራት ኣዕራብ ዘመናዊ ኣጽዋርን ሰብ ኣልቦ ነፈርቲን ለሚኖም ኣዋፊሮም እዮም። እዚ ግን ግዝያዊ ዓወት ካብ ምምጻእ ሓሊፉ ካልእ ኣበርክቶ ስለዘይገበረ ነቲ ኲናት ናብ ካልእ ገጾም ክወስድዎ ተገዲዶም እዮም።

ብፋሽስታውያን መራሕቲ ኣቢ ኣሕመድን ኢሰያስ ኣፈወርቅን ዝምራሕ ሰራዊት ነቲ ፊት ንፊት ገጢሞም ክሰንፍዎ ዘይከኣሉ ህዝቢ ትግራይን ሓይልታት ምክልኻሉን ንምብርካኽ ካልእ ባርባራዊ ሜላ እዮም ፈጢሮም። ንዓለም ዘሰንበደ፡ ኣብዚ ዘመናዊ እዋን ክግበር ኢልካ ዘይሕሰብ ግፍዕታት ምክያዶም ገና ዘይስሃሰሰ ዝኽሪ እዩ። ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝተኻየደ ቅትለት ፡ ንምእማኑ ዘጸግም ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ፡ ራስያ ንብረት ህዝብን መንግስትን መርኣያ ቀቢጸ ተስፋኦም ኔሩ። እቲ ንመሰሉን

ንህላወኡን ዝወፈረ ህዝቢ ትግራይ ንኩሎም በዳህቲ ኩነታት ከከም ኣማጻጽኦም ብምሕላፍ እቲ ዘይተርፍ ዓወቱ ክጭብጥ ካብ ዘኽኣልዎ ኩነታት ህዝብን ሰራዊትን መንግስትን ትግራይ ብሓደ ትርግታ ልቢ ደው ምባሉን ቅርዑይን ጽፉፍን ውደባን ልዕሊ ኩሉ ንጹር ዕላማ ብምውሓስ እዩም። እቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከብ ህዝቢ ትግራይ፡ክሳብ እታ መተካእታ ዘይብላ ህይወቱ ክኸፍል እንከሎ፡ እቲ ኣብ ደገ ዝርከብ ህዝቢውን ኩሉ ዝከኣሎ ብምግባር እቲ ዓወት ክቃላጠፍ ዓቢ እጃም ኣወፍዩ እዩ።   እዚ ብክቡር መስዋእትነት ዝተረኽበ ዓወት ብፍላይ ንህዝቢ ትግራይ፡ ብሓፈሻ ከኣ ንመላእ ውጹዕ ህዝቢ ሓበን እዩ'ሞ፡ ህዝቢ ትግራይ፡ ሕጂውን ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ዓወታት ንምዕቃብን ኣብ ናይ መወዳእታ ሸቶኡ ከተብጽሖ ከምቲ ትማሊ ብሓባር ዝመከትካዮ ሓድነትካ ኣትሪርካ መኸተኻ ከምትቕጽል ዘለና እምንቶ ልዑል ኣብ ልዕሊ ምኽኑ ኣብ ኩሉ ትገብሮ ጉዕዞ ኣብ ጎንኻ ከምዘለና ዳግም ከነረጋግጸልካ ንፈቱ።

ኣንጻር ህዝቢ ገጢሙ ዝዕወት ሓይሊ የለን!!

ዓወት ንውጹዕ ህዝቢ ትግራይ!!

ዓወት ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ !!

ውድቀት ንዓመጽትን ጨቆንቲ ስርዓታትን!!

ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር (ኤሃግ)

29 ሰነ 2021